04 ታሕሳስ 2008.

## ዜና

## ኮንፈረንስ ኣባላት ግሃድኤ ሽነኽ ሰደግኤ ነበር።

ብድሙቓት ጭርሖታት ዝተሰነየ ኮንፈረንስ ኣባላት ግሃድኤ ሽነኽ ሰደግኤ ነበር፡ ሎሚ ዕለት 4 ታሕሳስ 2008 ሰዓት 10 ናይ ንግሆ ብድሙቕ መኽፈቲ ተጀሚሩ። ኮንፈረንስ፡ ብኣተሓባባሪ መድረኽ ብጻይ ብርሃነ ስዩም እናተመርሐ፡ ብዝክረ ሰማእታት ተኸፊቱ። ድሕሪ ዝክረ ሰማእታት፡ ብኣሰናዳዊት ሽማግለ ኮንፈረንስ ዝተዳለወ፡ ንዝሓለፈ ጉዕዞ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝዳህሰሰ መኽፈቲ መደረ፡ ብብጻይ ብርሃነ የማነ ቀሪቡ። ብምቕጻል፡ ኣባላት ግሃድኤ ሽነኽ ሰደግኤ ነበር፡ ኣብ ዞባታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ካናዳን ኣውሮጳን፡ ግሃድኤ ንምጥንኻር ዘካየዱዎ ቃልሲ፡ መስርሕ ምድኻም ግሃድኤን ንምእራሙ ዝገበሩዎ ጻዕርን፡ ብፈጻሚ ኣካል ዝተወሃቦም ኣሉታዊ ግብረ መልስን፡ ኣብ መወዳእታ ዝሓዙዎ መርገጽን ኣመልኪቱ ብጻይ ካሕሳይ ጉፍላ ብጽሚቕ ኣቕሪቡ። ብተወሳኺ ብጻይ ካሕሳይ ጉፍላ፡ ኣባላት ውድብና፡ ካብ ሱዳን፡ መደበር ስደተኛታት ሽመልባን ስዑዲ ዓረብን ብስልክን ብቓልን ዘመሓላለፉዎ መልእኽቲ ደገፍ ሓቢሩ።

መኽፈቲ ኮንፈረንስ፡ ብናይ ሻሂ ቁርሲ ድሕሪ ምዝዛም፡ ንዕዱማት ኣጋይሽ ብምፍናው፡ ስሩዕ ስርሑ ዝጅምረሉ ፕሮግራም ብምስራዕ፡ ዕረፍቲ ወጺኡ።

ኮንፈረስ፡ ብኣተሓባባሪ መድረኽ ብጻይ ብርሃነ ስዩም እናተመርሐ፡ ስሩዕ ስርሑ ብምጅማር፡ ኣብ ዘካየዶ ምይይጥ፡ ብኣሰናዳዊት ሽማግለ ዝቐረቡሉ ሕጹያት ድሕሪ ምምልካት

1. ብጻይ ካሕሳይ ጉፍላ ኣቦ-መንበር ሰክረታርያ ኮንፈረንስ፡
2. ብጻይ ብርሃነ የማነ ኣባል ሰክረታርያ ኮንፈረንስ
3. ብጻይ ኢዮብ ተኽለኣብ ኣባል ሰክረታሪያ ኮንፈረንስ ኮይኖም ክመርሑ መሪጹዎም።

ውድብና ሰደግኤ <u>ናብ ንቡር ቦትኡ ይመለስዶ ኣይመለስ?</u> ዝብል ማእከላይ ኣጀንዳ ዝሓዘ ኮንፈረንስ ኣባላት ግሃድኤ ሽነኽ ሰደግኤ ነበር፡ ብብጻይ ካሕሳይ ጉፍላ እናተመርሐ ስርሑ ብምቕጻል፡ ኣጀንዳታት ኮንፈረንስ ሰርዐ። ሰዓት 2.00 ድሕሪ ቀትሪ ስሩዕ ስርሑ ዝጀመረ ኮንፈረንስ ኣባላት ግሃድኤ ሽነኽ ሰደግኤ ነበር፡ ብኣሰናዳዊት ሽማግለ ኮንፈረንስ ዝተዳለወ ንድፊ ፖሎቲካዊ ገምጋም፡ ብንባብ እናቐረበሉ ዓሚቕ ምይይጣት ከካይድ ኣምስዩ። ኮንፈረንስ፡ ኣብ ንድፊ ፖሎቲካዊ ገምጋም ዝላዓለ ቱኽረት ሂቡ ዝተመያየጠሉ ኣርእስቲ፡ ህሉው ሃገራዊ ኩነታት ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ሃገርና ብኩራት ኣብ ዲሞክራሲያዊ ቃልስና ከኣ ብፍላይ፡ መንቀሊታቱን መፍትሒታቱን ዝድህስስ እዩ ነይሩ። ኮንፈረንስ ንጽባሕ'ውን ኣገደስቲ ኣጀንዳታት ኣልዒሉ ክመያየጥ ምኻኑ ብሰክረታርያ ኮንፈረንስ ዝተዋሃበና ሓበሬታ የመልክት።

ኣብ'ዚ ኮንፈረንስ'ዚ ካብ ዞባታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ካናዳን ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኢትዮጵያን ዝተወከሉ ካድራትን ኣባላት ማ/ባይቶ፡ ግሃድኤ ሽነኽ ሰደግኤ ነበር፡ ከምኡ'ውን ተዓዘብቲ ዝተሳተፉሉ እዩ።

ኣብ ኣዳራሽ ኮንፈረንስ ዝተለጠፉ ጭርሖታት፡ 1. ውድብና ናብ ንቡር ቦትኡ ብምምላስ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ዕላማታትና ንምዕዋት ንቃለስ! 2. ተሳትፎ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ንምዕዛዝ ንቃለስ! 3. ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና ተዓወቲ ኢና! 4. ምዩቕ ዘይንብለላ ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ንቃለስ! 5. ዓወት ንኮንፈረንስና! ዝብሉ ይርከቡዎም።

ሽማግለ ዜና ኮንፈረንስ፡
04 ታሕሳስ 2008.